# ንስደተኛታት፥ ሓተቲ ዕቑባ፥ ወነንቲ ቲ ፒ ኤስን (TPS) ንካልኦት ስደተኛታትን ዝጸሉ ዓበይቲ ለውጥታት:

## ሓድሽን ዝለዓለን ክፍሊት ኢሚግሬሽን

ኣብ ሓምለ 4, 2025, ፕረዚደንት ትራምፕ **ሓንቲ ዓባይ ጽብቕቲ እማመ ሕጊ (ዋን ቢግ ቢዩቲፉል ቢል ኣክት One Big Beautiful Bill Act (OBBBA)** ኣብ ሕጊ ንክኣቱ ፈሪሙ ኣሎ።. እዚ ዓቢ ናይ ምወላ ሕጊ ዓቢ ድፍኢት ዝህብ ኮይኑ፤ **ግን ከኣ ምስ ኢሚግሬሽን ዝተኣሳሰር ክፍሊታት ዝውሰኽ እዩ፤** እዚ ድማ ንብዙሓት ሰባት መሰርሕ ኢሚግሬሽኖም ክኸፍቱ ወይ ክቕጽሉ ከጸግሞም ይኽእል እዩ።

እዞም ለውጥታት ንዓማዊል ኣይ ኣር ሲ (IRC) ብኸመይ ጽልዋ ከምዘሕድሩ ዝሕብሩ ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት (FAQs) እዚኦም እዮም:

### ኣነ ቀዋሚ ሕጋዊ ነባሪ (LPR) ክኸውን እየ ኣብ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ዘመልክት ዘለኹ፤ እዞም ናይ ክፍሊት ለውጥታት ንዓይ እንታይ ትርጉም ኣለዎም ?

**ንኩነታትኩም ኣብ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ናብ ናይ ቀዋሚ ነባርነት (LPR) ንምትዕርራይ** ዝኽፈል ክፍሊት ንዓበይቲ ብሕፈሽኡ ካብ **$1,440** ይጅምር። **ገለ ሰባት ግን ክፍሊት ክኸፍሉ ኣይግደዱን፤** ከም ስደተኛታት፥ ኤስ ኣይ ቪ (SIVs)፥ ፍሉያት ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታትን ካልኦትን ሓዊስካ። ኦ ቢ ቢ ቢ ኤ (OBBBA) ኣብቶም ድሮ ካብ ክፍሊት ምቕራብ ነጻ ዝኾኑ መመልከቲታት ዝኾነ ሓድሽ ክፍሊት ኣይውሰኽሎምን እዩ።

**ኣብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ተቕርቡ(ወይ EOIR)**, እንተኾይንኩም ኦ ቢ ቢ ቢ ኤ (OBBBA) ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን (EOIR) $1,050 ክፍሊት $1,500 **ተወሳኺ ክፍሊት** ይግበር። ንገለ መመልከቲታት ብጠቕላላ **$2,940** ይኸውን። እቲ ልክዕ ሕጋዊ ክፍሊት ናይ ቀዋሚ ነባርነት (LPR) መመልከቲኹም ንምርዳእ ብኽብረትኩም ምስ ሕጋዊ ውኪላትኩም ተዘራረቡ።

### ዕቑባ ከመልክት ደልየ ኣለኹ፤ ሕጂ ክፍሊት ክኸፍል ኣለኒ ድዩ?

ኣብ **ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤ USCIS** ይኹን ወይ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን **ኢ ኦ ኣይ ኣር (EOIR)** እተቕርብዎ፤ ሕጂ **$100 ናይ መጀመርታ ናይ ዕቑባ መመልከቲ ክፍሊትን ዓመታዊ "ናይ ምጽባይ" ክፍሊት $100 ኣብ ዓመት** ንነፍሲ ወከፍ ዓመት ናይ ዕቑባ መመልከቲኹም ኣብ ምጽራይ ኣብ ዝጸንሓሉ ክትከፍሉ ክትግደዱ ኢኹም። እዚ ክፍሊት እዚ ኣብታ መመልከቲኹም ዘቕረብኩምላ ዕለት ዝኽሪ ኣብ ዓዓመት እዩ ዝኽፈል፤ እዚ ኸኣ ናይ ዕቑባ መመልከቲ ዘቕረብኩሙሉ ዕለት ሓምለ 29, **2025** እንተኾይኑ ምስ ፎርም I-589 ናይ ምጀመርታ ዘይምለሰ $100 ናይ መመልከቲ ክፍሊት ኣተሓሒዝኩም ክተቕርቡ ኣለኩም። ኣብ ሓምለ 29, **2026**, ከኣ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ወይ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን (EOIR) $100 ዓመታዊ ናይ ዕቑባ " ናይ መጸበዪ" ክፍሊትኩም ክቕበል ኣለዎ።

### ኣነ ሓታቲ ዕቑባ እየ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝቐረበ ሕቶ ኣሎኒ፤ እዚ ንዓይ እንታይ ማለት እዩ?

ሕጂ **ጉዳይ ዕቑባኹም ኣብ ምጽራይ እንከሎ** ክትከፍልዎ ከድልየኩም ዝኽእል **$100 ዓመታዊ ናይ መጸበዪ ክፍሊት** ኣሎ። ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን (EOIR) ንመመልከቲ ዕቑባኹም ኣብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን እንተ ኣቕሪብኩም ብኸመይ ክፍሊት ከም እትኸፍሉ ዝገልጽ መምርሒ ክሳብ ሕጂ ኣየውጸአን። ነቶም ብ ኣወንታ ዘመልክቱ ( እዚ ኸኣ ኣብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ዘይኮነ) ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) መምርሒ ክህብን ንውልቀሰባት ናይ መጀመርታ ውልቃዊ ምልክታታት ብዛዕባ እቲ ክፍሊት መዓስን ብኸመይን ክኽፈል ከም ዘለዎ ከምኡ'ውን ኣብዚ ፊሰካላዊ ዓመት ክኽፈል ዘለዎ ክፍሊት ዘይምኽፋል ዘስዕቦ ሳዕቤናትን ሓበሬታ ከውጽእ እዩ። ሓተትቲ ዕቑባ ግን ኣብታ መመልከቲኦም ዘቕረቡላ ዝኽሪ ዕለት ወይ ቅድሚኡ ዓመታዊ ክፍሊት ክኸፍሉ ትጽቢት ይግበር።

### ብዛዕባ ክፍሊት ናይ ሰራሕ ፈቓድከ?

ክፍሊት ንናይሰራሕ ፈቓድ ንምውጻእ ንመመልከቲ ዕቑባ፥ ቲፒስን (TPS)፥ ምሕተት ዝተገብረሎም (ፓሮል)ዝለዓለ ክፍሊት ኣሎ። ንዝርዝራቱ ኣብቲ ሰንጠረጅ (ቻርት) ተመልከቱ።

### እቶም ክፍሊታት ተመሊሶም ክቕየሩ ድዮም?

እቶም ክፍሊታት **ኣብ ኩሉ ፊስካላዊ ዓመት ክቕየር ዝኽእል** ኮይኑ ብመንገዲ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ኢ ኦ ኣይ ኣር (EOIR) ወይ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ኣይ ኤስ መርበብ ሓበሬታ (USCIS website) ዝእወጅ እዩ።

መወዳእታ ዝተመሓየሸሉ ንሃሰ 12, 2025

### ለውጢታት ክፍሊት መመልከቲ ኣብ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ፥ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽንን (EOIR) ናይ ኢሚግሬሽን ናይ ይግባይ ቦርድን (BIA):

| ምድብ | ለውጥታት ኣብ ናይ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ናይ መመልከቲ ክፍሊታት: * | ለውጢታት ክፍሊት ናይ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽንን (EOIR) ናይ ኢምግሬሽን ናይ ይግባይ ቦርድ (BIA): |
|---|---|---|
| **መመልከቲ ዕቑባ** | $100 (ዘይምለሰን ምሕረት ክግበረሉ ዘይክእልን እዩ )<br>**ዓመታዊ ናይ መጸበዪ ክፍሊት: $100/ኣብ ዓመት**<br>እቲ ናይ ዕቑባ ጉዳይኩም ኣብ መሰርሕ ከሎ | **$100** (ዘይምለሰን ምሕረት ክግበረሉ ዘይክእልን እዩ)<br>**ዓመታዊ ናይ መጸበዪ ክፍሊት: $100/ኣብ ዓመት**<br>ነቲ ናይ ዕቑባ ጉዳይኩም ኣብ መሰርሕ ከሎ። |
| **ናይ ሰራሕ ፈቓድ (EAD)** | **ንኣመልከቲ ቲፒኤስ (TPS) (ዝተምሓሩን)ፓሮልን**<br>• ናይ መጀመርታ ናይ ሰራሕ ፈቓድ: $550 ንኣመልከቲ ዕቑባ፥ ፓሮል (parole) ወይ ቲ ፒ ኤስ (TPS) እቲ ዝነበረ ክፍሊት ናይ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ዩኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ደሚርካ ብድምር $1,020 ን ኦንላይን ወይ $1,070 ብደብዳበ<br>• መሓደሲታት: ኣብ ነብሲወከፍ ግዜ $275 ኮይኑ እቲ ፈቓድ ሕጂ 1 ዓመት ጥራይ ዘገልግል ይኸውን። እቲ ዝነበረ ናይ ኢሚግሬሽን ዩ ኤስ ኣይ ኤስ (USCIS) ክፍሊት ደሚርካ፥ ብድምር $745 ን ኦንላይን ወይ $795 ብወረቐት ዝቐርብ ይኸውን።<br>**ንኣመልከቲ ዕቁባ**<br>• **ናይ መጀመርታ ናይ ሰራሕ ፈቓድ: $550**<br>• መሓደሲታት: ኣብ ነብሲወከፍ ግዜ $275 ኮይኑ እቲ ፈቓድ ሕጂ 1 ዓመት ጥራይ ዘገልግል ይኸውን። እቲ ዝነበረ ናይ ኢሚግሬሽን ዩ ኤስ ኣይ ኤስ (USCIS) ክፍሊት ደሚርካ፥ ብድምር $745 ን ኦንላይን ወይ $795 ብወረቐት ዝቐርብ ይኸውን።<br>**ወነንቲ ዕቑባ**<br>• ኣብ ክፍሊት ለውጢ የለን (ነቶም ዕቑባ ዝተፈቕደሎም ንናይ መጀመርታ ወይ መሐደሲ ናይ ሰራሕ ፈቓድ ክፍሊት የለን) | |
| **ሕጋዊ ናይ ቀዋሚ ነባርነት መመልከቲ (LPR) (ኣብነት I-485)** | ኣብ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ኣይ ኤስ (USCIS) እንተ ኣመልኪትኩም ኣብ ክፍሊት ለውጢ የለን | ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን (EOIR) ኣብ ልዕሊ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ $1,050 ክፍሊት ሓድሽ ክፍሊት $1,500 የንብረሎም ኣሎ። ንገለ ኣመልከቲ ከኣ ብድምርCfee **$2,940** ይኸውን። እቲ ልክዕ ክፍሊት ናይ ቀዋሚ ነባርነት (LPR) መመልከቲኹም ንምርዳእ ብኽብረትኩም ንሕጋዊ ወኩልኩም ተዘራረቡ። |
| **ክፍሊት ናይ ቲ ፒ ኤስ (TPS) መመልከቲ** | ሕጂ $500 (ካብ ~$50 ጀሚሩ ), ምሕረት ክፍሊት ኣይፍቀድን። ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) እውን $30 ናይ ዓሻራ (ባዮመትሪክ) ክፍሊት ወሲኹ ብጠቕላላ እቲ ክፍሊት **$530** ይኸውን. | ሕጂ $500 (ካብ ~$50 ጀሚሩ) ምሕረት ክፍሊት ኣይፍቀድን። ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ኣይ ኤስ (USCIS) ነቲ ናይ ዓሻራ (ባዮመትሪክ) ክፍሊት፤ ብድምር **$530**. ብተናጸል ክእክብ እዩ። |
| **ናይ ይግባይ ጥርዓናት Appeals** | | ኣብ ልዕሊ እቲ መበገሲ $110 ክፍሊት ተወሳኺ $900 ኣሎ፤ እዚ ድማ እቲ ክፍሊት ዘይብሉ ናይ ቦንድ ጥርዓን ገዲፍካ እቲ ሓዱሽ ጠቕላላ ዋጋ ናብ **$1,010** ክብ ከምዝብል ይገብሮ |
| **ቅድሚ ኢ ኦ ኣይ ኣር EOIR ዳግማይ ክኽፈት ወይ ዳግማይ ክሕሰበሉ ምሕጽንታ (ብዘይካ ዝተወሰኑ)** | | **$1,045** ( ~$110 ወይ ናጻ ነይሩ ). |
| **ቅድሚ ቢ ኣይ ኤ (BIA) ዳግማይ ክኽፈት ወይ ክሕሰበሉ ምሕጽንታታት** | | ኣብ ልዕሊ እቲ መበገሲ $110 ክፍሊት ተወሳኺ $900 ኣሎ፤ እዚ ድማ እቲ ሓዱሽ ጠቕላላ ዋጋ ናብ **$1,010** ክብ ከምዝብል ይገብሮ ። |
| **ናይ ቤት ፍርዲ ክፍሊት ብዘይምኽፋልኩም እንተተኣሲርኩም** | | ናብ ቤት ፍርዲ ብዘይምቕራብኩም ክትእለዩ እንተተኣዚዝኩም ድሒሩ እንተተኣሲርኩም **$5,000።** ትእዛዝ ቤት ፍርዲ እንተ ተሰሪዙ ፍሉይ ነገር ኣሎ። |

**መተሓሳሰቢ:** እቲ ናይ ክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ናይ ክፍሊት ወሰኽ ክሳብ **ንሃሰ 21, 2025** ኣብ ግብሪ ክውዕል መደብ ተታሒዝሉ ኣሎ። **ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ኢ ኦ ኣይ ኣር (EOIR)** ዝውጽኦም ሓደስቲ ሓበሬታታት **ብቕጽበት ተግባራዊ ይኾኑ።** ክልቲኦም ትካላት ክፍሊት ዝያዳ ክውሰኹ ይኽእሉ እዮም።

***ንዝያዳ ፍሉይ ሓበሬታ ንክፍሊ ኢሚግሬሽን ኣመሪካ ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ ክፍሊት ካልኩሌተር [USCIS fee calculator.](#) ተወከሱ።**

### ካልኦት ሓደስቲ ክፍሊታት:

| | |
|---|---|
| **ብክፍሊት ኣብ ዶብ እንተድኣ ተኣሲርኩም** | ኣብ መንጎ ወግዓዊ መሳገሪ ዶባት ክትሰግሩ እንተተታሒዝኩም **$5,000።** ብቕልጡፍ ክትከፍሉ እንተዘይኪእልኩም እንታይ ከምዝኸውን ንጹር ኣይኮነን። |

INTERNATIONAL RESCUE COMMITTEE

እዚ ምንጪ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ዝህብ ጥራይ እምበር ሕጋዊ ምኽሪ ኣይኮነን። .ኣድላይነት ናይ ኢሚግሬሽን ክፍሊትን ቅጥዕታትን ብቕልጡፍ ይቕየሩ እዮም ዘለዉ። ንጉዳይኩም ብፍላይ ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታን መምርሕን ምስ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓታት ተማኸሩ ወይ ነቶም ኣገደስቲ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ብቐጥታ ርኸብዎም ።